መበል 40 ዓመት ፌስቲቫል
ቦሎኛ
ኣዳላዊት ሽማግለ

الذكرى 40 للمهرجان
بولونيا
اللجنة المنظمة

**40th Anniversary Festival Bologna Organising Committee**

# ሓበሬታ ንብሕታውያን ሰብ-ንግዲ ኣብ ፌስቲቫል ቦሎኛ 2014

ኣብ ዝኽሪ 40-ዓመታት ፌስቲቫል ቦሎኛ፡ ኣብ ንጥፈታት ንግዲ ኪሳተፉ ንዝደልዩ ዜጋታት ንምእንጋድ ብዝወጸ መደብ መሰረት፡ ግዱሳት ምልክታ ከቕርቡ ብኽብሪ ንዕድም።

## ቅጥዕታት ተሳታፍነት

1. ምስ ክህሉ ዚኽእል ልዑል ጠለብ ኪንጻወሮ ንኽእል ብዝሒ "ድኳናት" 15 ምዃኑ ንሕብር። እዚ ተመዲቡ ዘሎ ብዝሒ "ድኳናት"፡ በብሃገሩ ብኮታ ኪመቓራሕ'ዩ።
2. ብዝሒ ጠለባት ኣብ ትጽቢት ስለዘሎ፡ ምልክታትት ምስ ቀረበ ብዕጫ ከምዚውሰን ነተሓሳስብ። ብተወሳኺ፡ ንዝኾነ ፍቓድን ምንጻግን ዚምልከት በይናዊ መሰል ሓይሊ ዕማም ፌስቲቫል ምዃኑ ነብርህ።
3. "ብሸርኽነት" ሓንቲ "ድኳን" ኪሕዙ ንዝደልዩ ዜጋታት፡ ፍቑድ ምዃኑ ንሕብር።
4. ክፍሊት ተሳታፍነት፡ 700,00 (ሸውዓተ ሚእቲ) ዩሮ ኮይኑ፡ ንትምህርትን ምዕባለን ዚምልከት ንብረት "ጥራይ" ንዘቕርቡ ሰብ-ንግዲ፡ ንምትብባዕ እቲ ክፍሊት 400 (ኣርባዕተ ሚእቲ) ዩሮ ኢዩ።
5. ስፍሓት "ድኳን" (ቴንዳ)፡ 16 ትርብዒት ሜትሮ (4x4) ኮይኑ፡ ምስ'ዚ 4 ጣውላን 2 Benchs (ሰለስተ ሰባት ኮፍ ዘብል)፡ ኣገልግሎት ኤልክትሪክ ኪቕረብ ኢዩ።
6. ዝኾነ መሸጣ መግብን መስተን (ኣብ ቦታ ፌስቲቫል ዚሃልኽ)፡ ከምዘይፍቀድ ነፍልጥ!
7. ክፍሊታት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ዚርከብ ኣብያተ ጽሕፈት ኪፍጸም'ዩ። (ኢታልያ ኣብ ሚላኖ፡ ጀርመን ኣብ ፍራንክፉርት፡ ሽወደን ኣብ ስቶክሆልም፡ ብሪጣንያ ኣብ ለንደን፡ ሆላንድ ኣብ ደን-ሀግ፡ ስዊዝ ኣብ ጀኔቫ)።
8. ገደብ-ግዜ ምዝገባ፡ ዕለት 3-ሰነ ምዃኑ እንዳሓበርና፡ ድሕሪ'ዚ ዕለት ከምዘይንቕበልን ወዳቢት ሽምግለ ውጽኢት ዕጫ ክሳብ ዕለት 7 ሰነ ከምተፍልጥን ንሕብር።
9. ኣብ ንግዲ ኪሳተፍ ዝሓትት ዜጋ፡ ዝርዝር ዘቕርቦ ንብረት ንመሸጣ ኣቐዲሙ ከቕርብ ይሕተት።
10. ነፍሲ-ወከፍ ኪሳተፍ ምዃኑ ዝተሓበሮ በዓል-ንግዲ፡ ክፍሊት ክሳብ ዕለት 10 ሰነ ከማልእ ይግባእ። ድሕሪ ገደብ-ግዜ እቲ ዕድል ናብ ካልእ ዜጋ ከምዚሰጋገር ኣቐዲምና ነፍልጥ ኣሎና።
11. ዝኾነ ነጋዳይ ብተጠቒሱ ዘሎ መምርሒ ምስዘይክተል፡ ኣዳልውቲ ፈስቲቫል ብዝወሰንዎ ስጉምቲ ክቐየድ ከምዝኾነ ንሕብር።

ዓወት ንሓፋሽ!

ሓይሊ-ዕማም ዝኽሪ 40-ዓመታት ፌስቲቫል ቦሎኛ

email: bologna-festival40@googlegroups.com